


# ቃልስና ብመሰረቱ ንሰላምን ፍትሕን እዩ!

ቃልስና ብመሰረቱ ንሰላምን ፍትሕን እዩ፡ ንሱ ስለ ዝኾነ ከኣ ነቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝጀመረ መስርሕ ሰላም ክድገፍን ክተባባዕን ርእይቶና ሰንዚርናና። ሰዲህኤ ነዚ ጸዋዒት ሰላም ክድግፍ እንከሎ ብውሕዱ ካብ መትከላዊ ዕላማታቱን ዝነቀለ ምንባሩ ኣብ ዝሓለፈ መግለጺታቱ ምውካስ ይከኣል።

ሀ/ ቃልስና ብመሰረቱ ንሰላምን ፍትሕን ምዃኑ

ለ/ ቤት ምኽሪ ኢህኣደግ ብዘይቅድመ ኩነት ንትግባረ ብይን ኣህጉራዊ ክሰርሕ ጸዋዒት ምቕራቡ

ይኹን'ምበር መስርሕ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመንጽር ጠንቂ ዶባዊ ምስሕሓብ ዘስዓቦ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራታት ንኣስታት 20 ዓመታት ዝጸንሐ ዝተባተኸ ዝምድናታት ሓደ ሸነኽ፡ ኣገባብን ሕጋውነት ነባሪ ሰላም ክልቲኡ ሃገራት፡ ነባሪ ሰላም ንምርግጋጽን ንምውሓስን ዘይጥቅው መስርሕ ሰላም ምዃኑ ኣብ ባይታ ዝረአ ዘሎ ኣኺሉ ዝተረፈ ምስክርነት ከም ሰልፊ ሕቶ ከልዕል ግድነት'ዩ። ኣብ ውሽጢ እዚ 20 ዓመታት ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተራእየ ተርኽቦታት፡ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ሓደ ሸነኽ ፡ ዶባዊ ኵናት ዝፈጠሮ ፖለቲካዊ ጸቕጥታትን ስነ ኣእምሮኣዊ ተጽዕኖን ከይተናገፈ፡ ኣብ ዘይተዳለወሉ እዋን ኩነታት 20 ዓመት ብክልተ መዓልቲ ማለት ህሞት ምብጽጻሕ ክልቲኡ መንግስቲ፡ ንምዕሩይን ክልትኣዊ ዝምድና ዝሕግዝን ዝኽእል ከም ዘይነበረ ርእዩ። በዚ ዝኸዶ ዘሎ መስርሕ እንተቀጺሉ ከኣ ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ ዝበዝሐ መስርሕ ሰላም፡ መልክዑ ብዝየገድስ ንሓደ ሸነኽ ብፍላይ ንኢትዮጵያውያን ዘርብሕ ጥራሕ'ዩ ክኸውን ዝኽእል ይእመት። ምኽንያቱስ ንህዝቢ ኤርትራ ዘይተጋህደሉ ውዕልን ሰላምን መስርሑን፡ ተገዲዱ እንተዘይኮይኑስ ብማዕረ ክልተኣዊ ሰላም ዝረጋገጸሉ ተሳታፍነቱ ዝቦኸረሉ ባይታ ብምዃኑ።

ሽሕ ግዜ ንሰላም ደሊና ሰላም እንተጨራሕና ፡ምዕሩይን ክልተኣዊ ሰላም ዘይረጋገጸሉ እንተኾነስ መዝሙር ሰላም ንምንታይ የድሊ። ሰዲህኤ ንዝካየድ ዘሎ ዓይነት

ሰላም ንምልላዩ ብቀዳምነት ብምስትብሃልን ኣብ’ዚ መስርሕ ዝኸይድ ዘሎ ጉዳይ ብትኩረት ክረአ ዘለዎ ዝብሎ

ሀ/ ጠንቒ ግርጭት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብምውንዛፍ

ለ/ ግዜኡ ዘይኣኸለ ህውኽ ውዕላት ምፍርራም

ሐ/ መበገሲ መብጽዓ ሰላምን ሰናይ ጉርብትናን ብይን ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ንድሕሪት ገዲፍካ

መ/ ክሳብ ሕጂ ረብሓ ሓደ ሸነክ ክትግበር ዝረኣየሉ

ካልእ ተጸብጺቡ ዘይውዳእ ኤርትራዊ ውሽጣዊ ጉዳይ ደማሚርካ ንውጽኢት ሰላም፡ ንመስርሕ ሰላም ኣብ መፈጸምትኡ ክብጽሕ ዝኽእል ሓጋዚ ባይታ ዘይምህላው’ዩ። ብኣንጻሩ’ኳ ደኣ ነቲ ሰላም ዝዕናቕፍን መመሊሱ ንድሕሪ ክመልስ ዝኽእል፡ ቅንዕና ዘይብሉ ተበግሶ ንድሕሪት ዝገደፎ ዓበይቲ ጉዳያት ምህላዉ ኩሉ ዝርእዮን ዝምስክሮን ዘሎ እዩ።

ኣብ ፖለቲካዊ ጉዳያት ኢትዮጵያ ክሳብ’ቲ ከም ክልተ ኣሕዋት ህዝቢ ብክልተኣዊ ረብሓ ኣህዛብ ዘለዎ ውዕል ዘይተፈጸመ ብይን ኣህጉራዊ ቤት ፍርድን፡ ኮሚሽን ዶባትን ንላዕሊ ውሽታዊ ጉዳዮም ክንዛረብ ዘኽእለና ባይታ ብዙሕ ኣይኮነን፡ መስርሕ ሰላም ንምውዕዋቱ ግን ብኣንጻሩ ኣብ ኤርትራዊ ውሽታዊ ጉዳያት ክንዛረብ ነቲ መስርሕ ሰላም ብማዕረ ክንስጉም ዘኽእለና እዋናዊ ጉዳያት ኣዝዩ ብዙሕ’ዩ።

ምልካዊ ስርዓት ህግዲፍ ምስ ህዝቡ ከይተዓረቐ ምስ ካልኦት ክግበሮ ዝፍትን ሰላም ዕርቕን፡ ነቲ ተዳልዩ ዕዮ ገዝኡ ፈጺሙ’ን ኣብ መስርሕ ዘሎን ደማሚርካ ክትርእዮ፡ ክሳብ ሕጂ ተበጺሑን ዝካየድ ዘሎ ስምምዓትን ውዕላትን ድምር መስርሕ ሰላም ንሓደ ሸነኽ ዘርብሕ ጥራሕ ምዃኑ ዘጠራጥር የብሉን።

ወላ’ውን ዘረባ ንምጽባቕ ንምውሕላል፡ ህዝቢ ብህዝቢ ዝብል ምስምሳት እንተኣስተብሃልናሉ፡ ኣህዛብ ሓደ ሸነኽ ከም ድላዮም ክዛረቡ፡ ርእይቶ ሓሳብ ክህቡ፡ ኣብ መራኽቢ ብዙሓት ክሳተፉ፡ ካብ ናብ ክገሹ ክረኣዩ እንከለዉ ህዝቢ ኤርትራ ግን ካብ’ቲ ራዕድን ሽበራን፡ ጭቆናን ምልክን ስርዓት ህግዲፍ ዘይወጸ ህዝቢ ሙሉእነት ዘለዎ ክልተኣዊ ሰላም ክበሃል ኣይክእልን። ኣብ’ዚ ከም ሰዲህኤ ከይጠቀስናዮ ክንሓልፍ ዘይንደሊ ዓብይን ኣገዳስን ጉዳይ እንተሃለወ ብዛዕባ’ቲ ብሽም መስርሕ ሰላም ዝካየድ ዘሎ ስምምዓት ወፍሪ ርእሰማል ዝምልከት እንተረኣናዮ’ውን ብሓቂ ኣዝዩ ዘሕዝን ፈጻምነት ሰላም ዘይብሉ ውዕል’ዩ። ኣብ’ዚ ዝሓለፈ መዋእል ነጻነት ኤርትራ ን27 ዓመታት ብህግዲፍ ዝተደቆሰ ብሕታዊ ኤርትራዊ ርእሰማል፡ ዝተሃገረ ዝተመንዘዐ፡ ካብ ሃገሩ ዝተባረረ ባዶ ሃገር፡ ጽምዶ ሰላም ወፍሪ ብሕታዊ ርእሰማል ኢትዮጵያውያን መወዳድርቲ ዘይብሉ ክኸውን ንባዕሉ ሓደ

ዘይምዕሩ ብስም ሰላም ካብ ዝካየድ ዘሎ ስምምዓት ሓደ'ዩ። እሞ ኤርትራውያን ብስም ሰላም ኣብ ትሕቲ ብሕታውያን ኣውፈርቲ ርእሰማል ኢትዮጵያውያን ድዮም ብዘይዝኾነ ውድድር ኣብ ዕዳጋ ተገዚኦም ክኸዱ ዝብል ሕቶ ብንጹር ክበርህን ሰብ ሞያ ክትንትንዎ ዝኽእሉ ኣብ መጻኢ ንመሰል ርእሰ ውሳኔ ህዝቢ ኤርትራ ከቢድ ተጽዕኖ ከይኸውን ካብ ዘስግእ ፖለቲካዊ እዋናዊ ኣርእስቲ እዩ።

ምእንቲ'ዚ ሰዲህኤ ንዘካይዶ ሰላማውን ፍትሓውን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብእውጅን ንጹርን ተስታፎ ህዝቢ ዘመስከረ፡ ልሉይ ኣብነታዊ ሰላም ደኣ'ምበር ንይምሰል ንዝካየድ ሰላም ደጋፊ ክኸውን ኣይክእልን። ብኣንጻሩ'ኳ ደኣ ህዝቢ ንዝኸይድ ዘሎ ውዕላት ሰላም ብግርህነት ሃንደራእ ኢሉ ከይኣትዎን፡ ንክብሩን መሰሉ ድምጹ ከስምዕ፡ ነቲ ኣሽሓት ደቁ ከፊሎ ዘረጋገጾ ነጻነት ነባሪ ንምትግባር ክዳሎን ከነቓቕሕን መሪሕ ግደኡ ክጻወትን ሕድሪ ስውኣቱ ከተግብር ኣብ ፍትሓዊ ሰላማዊ መስርሕ ጠጠው ክብል'ዩ ዝመርጽእ።

ሰዲህኤ
2 ነሓሰ 2018